# ድምጺ ንለውጢ

## ንቕሓት፣ ምሕያልን ምክልኻልን ኣንጻር ጎዳእቲ ተግባራት



FSAN | Federatie Somalische Associaties Nederland

# ትሕዝቶ


1. መእተዊ ..... 3
2. ጎዳእቲ ተግባራት እንታይ እዮም? ..... 4
3. ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ..... 5
4. ግዱድ መራዓ ..... 11
5. ኣብ ወ ጻኢ ሃገር ም ሕዳግ ..... 14
6. ም ስ ክብ ሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ..... 16
7. ኣቕርቦት ሓገዝ ..... 18

# 1. መእተዊ

እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ብዛዕባ ጎዳእቲ ተግባራት ዝያዳ ክፈልጡ ንዝደልዩ ሰደተኛታትን ናይ ሰደተኛ ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ሰባትን ዝተዳለወ እዩ።

ኣብዚ ጎዳእቲ ተግባራት እንታይ ምዃኖም፣ ዘጋጥምሉ ምኽንያታት፣ ናይ ኔዘርላንድ ሕጊ እንታይ ከም ዝብልን ንገዛእ-ርእሰኹምን ንኻልኦት ሰባትን ብኸመይ ክትከላኸሉ ከም እትኽእሉን ንምርዳእ ዝሕግዘኩም ጠቓሚ ሓበሬታ ክንህበኩም ንደልይ።

ዕላማና ንቕሓት ንምፍጣር፣ ምይይጥ ንምጅማርን ሰጉምቲ ንኽትወሰዱ ንምትብባዕን እዩ። ኩላትና ብሓባር ብምኳን ድማ ኣወንታዊ ለውጢ ከምዝመጽእ ብምግባር፣ ጎዳእቲ ተግባራት ሕሉፍ ነገር ዝኾነላ ዓለም ኽትፍጠር ኣበርክቶ ክንገብር ንኽእል ኢና።

## 2. ጎዳእቲ ተግባራት እንታይ እዮም?

ጎዳእቲ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ሕጻናት (ብፍላይ ኣዋልድ) ከምኡ እውን ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም መልክዓት ጭቆናና ዓመጽን ዝገልጽ ሓባራዊ ቃል ኮይኑ፣ ኣብ ልምዲ፣ ባህሊ፣ ሃይማኖት ን /ወይ ኣጉል እምነት  ብዓሚቑ ተሰሪቱ ሱር ዝሰደደ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ጾታነትን ጾታን ብዝምልከት ጥብቂ ኣብ ዝኾኑ ኣረኣእያታት ዝተመርኮሱ እዮም። እዚኦም ተግባራት ከቢድ ኣካላዊ፣ ስምዒታዊን ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ከሰዕቡ ይኽእሉ እዮም፣ ስለዚ ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ክልኩላት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ቀሪቦም ዝርከቡ ጎዳእቲ ተግባራት ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ግዱድ መርዓ፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግን ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽን እዮም።

## 3. ምኽንሻብ  ደቂ-ኣንስትዮ

### ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ እንታይ እዩ?

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ (VGV) ተባሂሉ እውን ዝጽዋዕ ኮይኑ፣ ሕክምናዊ ኣድላይነት ዘይብሉ ክነሱ ኣብ ደጋዊ  ሽነኽ ብልዕቲ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር መጥባሕቲ እዩ። ከከም መበቆል ሃገር፣ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዕሸላት፣ ሕጻናት፣ ነኣሽቱ በጽሒታት ወይ ሓንቲ ጓል ወይ ሰበይቲ ምስ ተመርዓወት ብኡንብኡ ክፍጸም ይኽእል።

### ኣየኖት ዓይነታት ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዉ?

ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኣርባዕተ ዓይነታት ይፈልዮም፡

- **ዓይነት 1:** ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ምእላይ ናይቲ ዝርኣ ክፋል ናይ ጉድበ ወይ ድማ ኣብ ዙርያ ጉድበ ዝርከብ ዕጻፍ ቆርበት ጥራይ (**ክሊቶሪዴክቶሚ**)።
- **ዓይነት 2:** ምእላይ ዓብይ ከንፈር ርሒሚ ዘጠቓልል ወይ ዘየጠቓልል ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ምእላይ ናይቲ ዝራኤ ክፋል ናይ ጉድበን ንእሽተይ ከንፈር ርሕሚን (**ቊርጻ**)።
- **ዓይነት 3:** ምእላይ ዓብይ ከንፈር ርሒሚ ዘጠቓልል ወይ ዘየጠቓልል፣ ንዓብይ ን/ወይ ንእሽተይ ከንፈር ርሒሚ ጠቢሕካ ብምእላይን ምስ ነንሓድሕዱ ብምስፋይን ንክፍተት ርሕሚ  ምጽባብን  (**ጥብቀት**)።
- **ዓይነት 4:** ካልኦት ኩሎም ኣብ  ኣካላት ብልዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ ሕክምናዊ ኣድላይነት ዘይብሎም  ክነሶም  ዝግበሩ ከም በዓል ምውጋእ፣ ምንኳል፣ ምቑራጽ፣ ምጭራምን ምትኳስን ዝኣመስሉ ጎዳእቲ ተግባራት።

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ማዕረ ክንደይ የጋጥም?

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዓለማዊ ጸገም እዩ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፣ ኤስያን ደቡብ ኣሜሪካን እውን የጋጥም። ኣብ መላእ ዓለም ብውሕዱ 200 ሚልዮን ኣዋልድን ኣንስትን ተኸንሺበን እየን። ነፍሰወከፍ ዓመት ድማ ኣስታት 4 ሚልዮን ኣዋልድ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ የንጸላልወን። ከም ልምዲ፣ ምኽንሻብ ኣብ ገዛ ብዘይ መደንዘዝን ኣብ ትሕቲ ጽርየት ዘይብሉ ኩነታትን ብባህላዊት ኸንሻቢት ኣብ ልዕሊ እታ ጓል ዝፍጸም እዩ።

## ዝለዓለ ዝርገሐ ዘለወን ሃገራት ኣፍሪቃ:




ምንጪ: SHDS፣ DHS፣ MICS፣ EHIS፣ EPHS

| | | |
|---|---|---|
| 1. | ሶማልያ | (99%) |
| 2. | ጊኒ | (95%) |
| 3. | ጅቡቲ | (93%) |
| 4. | ማሊ | (89%) |
| 5. | ግብጺ | (87%) |
| 6. | ሱዳን | (87%) |
| 7. | ኤርትራ | (83%) |
| 8. | ሴራሊዮን | (83%) |
| 9. | ጋምብያ | (76%) |
| 10. | ኢትዮጵያ | (65%) |

## ኣብ ኔዘርላንድ ክንደይ ኣዋልድ ኣብ ሓደጋ ይርከባ?

ኣብ ኔዘርላንድ **41,000 ሽሕ ደቂ-ኣንስትዮ** ምኽንሻብ ተገይሩለን ዝነበራ እየን። ብገምጋም **4,200 ኣዋልድ** (ኣብ ዝቕጽሉ 20 ዓመታት) ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ኣለወን። መብዛሕትእን ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከባ ዝተኸንሸባ ደቂ-ኣንስትዮ (82%) ካብ ሶማልያ፣ ግብጺ፣ ኢትዮጵያ፣ ኤርትራ፣ ሱዳንን ኣብ ዒራቕ ዝርከብ ርእሰ-ምምሕዳር ኩርዲን ዝመጽኣ እየን።

## ንምንታይ እያ ጓል ትኽንሸብ?

ወለዲ ንኣዋልድ ደቆም ክኽንሽባ ዝገብሩሉ ምኽንያታት ካብ ሰድራ ናብ ሰድራን ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብን ይፈላለይ እዩ። እቶም ነዚ ዝብገሩ ማሕበረሰባት ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝምልከት መብዛሕትኡ ግዜ ነዞም ዝሳዕቡ ምኽንያታት ይጠቕሱ፡

- ባህላዊ ልምዲ እዩ
- ንጓል ናይ መውሰቦ ዕድላ ይውስኽ
- ንድንግልና ናይታ ጓልን ንክብሪ ሰድራን ይሕሉ
- ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ክብሪ ደረጃ ይህብ
- ሃይማኖታዊ ትእዛዝ እዩ
- ጽርየት፣ ቁንጅናን ክብረ-ንጽህናን የደንፍዕ

## ጓል እንተድኣ ዘይተኸንሺባ እንታይ ይጋጥማ?

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ልምዲ ኣብ ዝኾነሉ ማሕበረሰባት፣ ሓንቲ ጓል ዘይተኸንሸበት ምስ እትኸውን ዘሰዕቦ ማሕበራዊ ሳዕቤናት ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሰድራን ሕብረተሰብን ነታ ጓል ከም ርኽስቲ ይቖጽርዋ፣ ከምኡ እውን ቀይዲ ዘይብሉ ጾታዊ ባህርይ ከምዘለዋ ኮይና ትጥርጠር። ስለዚ ድማ እታ ጓል ንኽትክንሸብ ጸቕጢ ይገብሩላ። ዘይተኸንሸበት “ክፍትቲ” ጓል-ኣንስተይቲ ንሰድራ-ቤት ሕፍረት ከም





FSAN Federatie Somalische Associaties Nederland

እተምጽእ ኮይና ትሕሰብ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ትግለልን ናይ ምምርዓው ተኽእሎኣ ትሑት ይኸውንን።

## ኣየኖት ናይ ጥዕና ሓደጋታት የሰዕብ?

ምኽንሻብ ዝተገብረለን ኣዋልድን ኣንስትን ኣብ ምሉእ ህይወተን ኣካላዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊን ጾታዊን ጸገማት ንኸጋጥመን ኣብ ሓደጋ ይወድቃ። ድሕሪ እቲ መጥባሕቲ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ይኹን ኣብ ዝነውሐ ግዜ ዝተሓላለኹ ጸገማት ንኸጋጥሙ ድማ ልዑል ዕድል ኣሎ።

**ቅጽበታዊ ዝተሓላለኹ ጸገማት:**

- ልዑል ቃንዛ
- ከቢድ መፍሰስቲ ደም
- ረኽሲታት
- ናይ ምሻን ጸገማት
- ስንባደ
- ናይ ሞት ተኽእሎ

**ኣብ ዝነውሐ ግዜ ዝተሓላለኹ ጸገማት:**

- ጸገማት ሽንቲ
- ጸገማት ርሕሚ
- ጸገማት ወርሓዊ ጽግያት
- ጸገማት ጾታዊ-ርክብ
- ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት
- ኣብ እዋን ሕርሲ ዘጋጥም ዝተሓላለኹ ጸገማት

## ክንክን ንዝተኸንሸባ ደቂ-ኣንስትዮ

ደቂ-ኣንስትዮ ንዝኾነ ዘጋጥመን ናይ ጥዕና ጸገማት ኩሉ ግዜ ምስቲ ናይ ምኽንሻብ መጥባሕቲ ኣየተኣሳሰርኦን እየን። ደቂ-ኣንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ብሰንኪ ሕፍረት ወይ ሕጽረት ኣፍልጦ ሓገዝ ኣይሓታን እየን። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ብዙሓት ካብኣተን ሓደ ሓደ ግዜ ብቐሊሉ ክእረሙ ብዝኽእሉ ናይ ጥዕና ጸገማት እናተሳቐያ ይነብራ። በዚ ምኽንያት ድማ ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ናይ ጥዕና ጸገማት ንዘጋጥመን ዝተኸንሸባ ደቂ-ኣንስትዮ ዝኸውን ፍሉይ **ናይ ድሕረ-ክንክን ሰዓታት ምኽሪ** ኣለዋ። ኣብዞም ናይ ድሕረ-ክንክን ሰዓታት ምኽሪ፣ ዝተኸንሸባ ደቂ-ኣንስትዮ ሕቶታት ክሓታሉን ጸገማት ጥዕና ክዘራረባሉን ዝኽእላሉ ቦታ ኣሎ፣ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ንውከሳ ክመሓላለፋ ይኽእላ እየን። እተን ናይ ድሕረ-ክንክን ሰዓታት ምኽሪ ዘለወን ከተማታት፡ ኣምስተርዳም [Amsterdam]፣ ደን ሃኽ [Den haag]፣ ሮተርዳም [Rotterdam]፣ ኖርድ-ኔደርላንድ [Noord-Nederland] (ኽሮኒንገን [Groningen]፣ ሊዋርደንን [Leeuwarde]፣ ኣሰንን [Assen])፣ ዞባ ኣይሰልላንድን [IJsselland] ኖርድን ኦስትን ኽልደርላንድን [Noord- en Oost-Gelderland] እየን።

## ሕጊ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ እንታይ ይብል?

ማሕበረሰብ ዓለም ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ከም ሓደ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝፍጸም ዓይነት ዓመጽን መሰረታዊ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን እዩ ዝቖጽሮ። ኔዘርላንድ እውን ናይ ዜሮ ተጻዋርነት ፖሊሲ እዩ ዘለዋ። ካብ 1993 ጀሚሩ ድማ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕጊ ክልኩል እዩ።

- ኩሎም ዓይነታት ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትሕቲ ሓፈሻዊ ገበን 'ግህሰት' (ዓንቀጽ 300ን ዝሰዕቡን ዓንቀጻትን ናይ ገበናዊ ሕጊ) ብሕጊ ዘቕጽዑ እዮም።
- ሓንቲ ጓል ኣብ ኔዘርላንድ እንተድኣ ተኸንሺባ እዚ ኩሉ ግዜ ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ። እዚ ንኹሉ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብር ሰብ ዝምልከት ኮይኑ፣ መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሎም ሰባት ሓዊስካ እዩ።
- እቲ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ እንተበዝሐ 12 ዓመት እዩ። ወላዲ (ወለዲ) ንምኽንሻብ ናይታ ጓል ባዕላቶም እንተድኣ ፈጺሞም ግን እቲ መቕጻዕቲ ዝለዓለ እዩ (እንተበዝሐ 16 ዓመት)።
- ወለዲ ምኽንሻብ ንክፍጸም ዕማም ምስ ዝህቡ፣ ነዚ ምስ ዝኸፍሉ፣ እቲ ምኽንሻብ ዝፍጸመሉ ንዋት ምስ ዘቕርቡ ን/ወይ ኣብ እዋን ምኽንሻብ ምስ ዝሕግዙን፣ ንሳቶም እውን ብሕጊ ይቕጽዑ እዮም።
- ኣብ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝሳተፉ ሓካይም እውን ብመሰረት ሕጊ ዲሲፕሊን ሕክምና ክኽሰሱ ይኽእሉ እዮም።

### መ ግለጺ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ እንታይ እዩ?

ሚ ኒስትሪ ጥዕና፣ ድሕነትን ስፖርትን (VWS) ምስ ሚ ኒስትሪ ፍትሕን ተለቀብቲ መሻርኽትን ካልኦት ውድባትን ብምምኽኻር ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ መ ግለጺ ኣዳልዩ ኣሎ። እዚ መ ግለጺ፣ ነቶም ንዕረፍቲ ንምኻድ ውጥን ዘለዎም ካብ ልዑል ሓደጋ ዘለወን ሃገራት ዝመጹ ወለዲ ዝዓለመ እዩ። እዚ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን ምዃኑ ዝገልጽ መ ርትዖ ንወለዲ ይህብ፣ እዚ ድማ ንዘጋጥሞም ማሕበራዊ ወይ ስድራ-ቤታዊ ጸቕጢ ኣብ ምክልኻል **ደገፍ ንምሃብ** ዝዓለመ እዩ። እቲ መ ግለጺ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ጎዳኢ ምዃኑን፣ ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዘ ቕጽዕ ምዃኑን ዘርእይ እዩ። እቲ መ ግለጺ ብዘይካ ብቋንቋታት ኔዘርላንድ፣ እንግሊዝን ፈረንሳን ብቋንቋታት ሶማልያ፣ ዓረብ፣ ኣምሓርኛ (ኢትዮጵያ) ከምኡ እውን ትግርኛ (ኤርትራ) እውን ተዳልዩ ይርከብ።

## 4. ግዱድ መራዓ

### ግዱድ መርዓ እንታይ እዩ?

ግዱድ መርዓ ክንብል እንከለና ሓደ ሰብ ንዘይመረጾ ሰብ ክምርዖ ይግደድ ማለት እዩ። እዚ ብወለዲ፣ ቤተሰብ ወይ ካልኦት ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሰባት ይፍጸም። ሓደ ካብቶም መጻምድቲ ትሕቲ ዕድመ እንተድኣ ኮይኑ ግን ብዛዕባ ‘መርዓ ቆልዑት’ ኢና ንዛረብ።

### ግዱድ መርዓ ማዕረ ክንደይ የጋጥም?

ኣብ ኔዘርላንድ ቁጽሪ ናይቶም ግዱድ መርዓ ዘጋጠሞም ሰባት ኣብ ዓመት ካብ 350 ክሳብ 1000 ይግመት። ግዱድ መርዓ ብፍላይ ካብ 16 ክሳብ 25 ዓመት ኣብ ዝዕድሚኦን መንእሰያት እዩ ዘጋጥም። መብዛሕትኡ ግዜ ንኣዋልድን ኣንስትን እዩ ዘጋጥመን፣ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ንኣወዳትን ሰብኡትን እውን የጋጥሞም። ግዱድ መርዓ ካብ ከም በዓል ቱርካውያን፣ ሞሮካውያን፣ ሱሪናማዊ-ሂንዱስታኒ፣ ሶማላውያን፣ ሶርያውያን፣ ኢራናውያን፣ ዒራቓውያን፣ ኣፍጋኒስታናውያን፣ ፓኪስታናውያን፣ ኩርዳውያን፣ ቻይናውያን፣ ሞሉካውያን፣ ሮማን ዝኣመሰሉ ናይ ሰደት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ማሕበረሰባት ዝመጹ ሰባትን፣ ጥቡቕ ክርስትያናዊ እምነት ዘለዎም ማሕበረሰባት ኔዘርላን ድን የጋጥም። [1]

### ስለምንታይ እዩ ሓደ ሰብ ክምርዖ ዝግደድ?

ግዱድ መርዓ፣ ረብሓ ስድራ-ቤት ወይ ሕብረተሰብ ንምውሓስ፣ ዝምድናታት ቤተሰብ ንምድልዳል ወይ ጸገማት ንምፍታሕ ዝሕግዝ መንገዲ ተገይሩ ይሕሰብ። ሓደ ሰብ

[1] ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን - Landelijk Knooppunt Huwelijksdwang en Achterlating (2022))። በዚ ዝሰዕብ ዝርከብ ወረቐት-ጭብጢ ግዱድ መርዓ https://www.huwelijksdwangenachterlating.nl/sites/www.huwelijksdwangenachterlating.nl/files/2023-03/Huwelijksdwang-februari%202023.pdf ከምኡ እውን Augeo (2023)። በዚ ዝሰዕብ ዝርከብ ወረቐት-ጭብጢ ግዱድ መርዓ https://www.augeo.nl/nl-nl/huwelijksdwang/

ክብሪ ስድራ-ቤት ንምሕላው ወይ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ክምርዖ ዝግደደሉ ኩነታት እውን ኣሎ። ብኢንተርነት ዝግበር ውርደት (ምንዋር) እውን ምኽንያት ግዱድ መርዓ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ምግዳድ መዓስ እዩ ዝፍጸም?

እቲ ዝግበር ጸቕጢ ካብ ሰዉር ረቂቕ ክሳብ ኣዝዩ ኣገዳዲ ብዝኾነ ኣገባብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ማሕበራዊ ጸቕጢ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ምፍርራሕን ኣሎ። ከምኡ ድማ ኣካላዊ ጎነጽ፣ ተነጽሎ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንምሕዳግ ምፍርራሕ እውን ክህሉው ይኽእል እዩ። እቲ ምግዳድ (ምፍርራሕ ዘለዎ) ኣካላዊ ጎነጽ መልክዕ እንተድኣ ሒዙ ድማ ብሕጊ ከም ዘቕጽዕ ባህርይ ይውሰድ።

## ማእሰርቲ-ሓዳር እንታይ እዩ?

ማእሰርቲ-ሓዳር ማለት ሓደ/ሓንቲ ሰብ ፍትሕ ስለዘይከኣል ብዘይ ድሌቱ/ታ ኣብ (ሃይማኖታዊ) ሓዳር ዝ/ትጸንሓሉ ኩነታት እዩ። ሽዕኡ እቲ ሰብ ኣብቲ ሓዳር ይሽኸል፣ ነጻ ድማ ኣይከውንን። ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ግዳይ ናይዚ እየን።

## ሕጊ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ግዱድ መርዓ እንታይ ይብል?

ግዱድ መርዓ ኣብ ኔዘርላንድ ክልኩልን ብሕጊ ዘቕጽዕን እዩ (ዓንቀጽ 284 ናይ ገበናዊ ሕጊ)፡

- ፈጸምቲ እንተበዝሐ ብናይ 2 ዓመት ማእሰርቲ ክቕጽዑ ይኽእሉ።
- ካብ ኔዘርላንድ ንዝመጽእ ሰብ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንኽምርዖ ምግዳድ እውን ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ።
- ኣብ ኔዘርላንድ መጀመርታ ብሕጋዊ መንገዲ ክትምርዖ ኣለካ። ብድሕሪኡ ድማ ብእምነት ክትምርዖ ትኽእል። ሓደ ኢማም፣ ካህን ወይ ራባይ፣ ኣብ መንጎ ብሕጋዊ መንገዲ ዘይተመርዓዉ ሰባት ሃይማኖታዊ መርዓ እንተድኣ ፈጺሙ ብሕጊ የቕጽዖ እዩ (ዓንቀጽ 449 ናይ ገበናዊ ሕጊ)።
- ኣብ ኔዘርላንድ መርዓ ቆልዑት ክልኩል እዩ፡ ንኽምርዓዉ ክልቲኦም መጻምድቲ እንተወሓደ ዕድሚኦም 18 ዓመት ክኾኑ ኣለዎም።
- ምስ ከም መዓል ወለዲ፣ ኣባ-ሓጎ/እኖ-ሓጎ፣ ውሉዳት፣ ደቂ ውሉት ወይ ደቂ ደቂ፣ ኣሕዋት፣ ኣሓትን ዝተራዕሙ ቆልዑትን ዝኣመሰሉ ኣባላት ስድራ-ቤት ክትምርዖ ኣይፍቀደልካን እዩ።
- ምስ ወዲ ሓውቦ ወይ ጓል ሓውቦ፣ ወደኮ ወይ ጓል-ኣኮ፣ ወዲ ሓትና ወይ ጓል ሓትኖ፣ መደሞ ወይ ጓለሞ ምምርዓው ዝፍቀድ ክልቲኦም መጻምድቲ ብሓቂ ከምኡ ክገብሩ ምስ ዝመርጹ ጥራይ እዩ።
- ማእሰርቲ-ሓዳር ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ (ሕጊ ማእሰርቲ-ሓዳር)። እቲ መጻምድቲ ይኹን እቲ ስድራ-ቤት ወይ ማሕበረሰብ ክኽሰሱ ይኽእሉ እዮም።


FSAN Federatie Somalische Associaties Nederland

# 5. ኣብ ወ ጻኢ ሃገር ም ሕዳግ

### ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ እንታይ እዩ?

ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ክንብል እንከለና ንሓደ ሰብ ብዘይ ድሌቱ ናብ ወጻኢ ሃገር ምምላስ ወይ ኣብኡ ምሕዳግ ማለት ኮይኑ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ንዕረፍቲ ድሕሪ ምኻድ ዘጋጥም እዩ። እቲ ምግዳድ ካብ በዓል-ቤት፣ ወላዲ(ወለዲ) ን/ወይ ቤተሰብ ዝመጽእ እዩ። እታ/ቲ  ግዳይ ናብ ኔዘርላንድ  ክትምለስ ከምዘይትኽእል ንምርግጋጽ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ፓስፖርት፣ መንበሪ ፍቓድ፣ ሞባይል ተሌፎንን ናይ ባንክ ካርድን ትምንዛዕ።

### ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ማዕረ ክንደይ የጋጥም?

ኣብ ዓመት ከባቢ 150-800 ሰባት ወጻኢ ሃገር ከም ዝሕደጉ/ጋ ይግመት። እዚ ብፍላይ ካብ 14 ክሳብ 18 ዓመት ንዝዕድሚኦን መንእሰያትን፣ ካብ 20 ክሳብ 35 ዓመት ንዝዕድሚኦን በጽሒታት ደቂ-ኣንስትዮን (ቆልዓ ዘለወን ወይ ዘይብለን) ዝምልከት እዩ። ይኹን እምበር ነኣሽቱ መንእሰያትን ሰብኡትን እውን ግዳያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ብፍላይ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ (ሞሮኮ፣ ኣልጀርያ፣ ግብጺ)፣ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ጊኒ፣ ጋና፣ ናይጀርያ)፣ ምብራቕ ኣፍሪቃ (ሶማልያ፣ ኬንያ፣ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን) ከምኡ እውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ (ዒራቕ፣ ኢራን፣ ኣፍጋኒስታን፣ ቱርኪ፣ ፓኪስታን፣ ህንዲ፣ ሰዑዲ ዓረብ፣ ሶርያ) የጋጥም። [2]

### ስለምንታይ እዩ ሓደ ሰብ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝሕደግ?

ወለዲ ንውላዶም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝሓድግሉ ዝተፈላለዩ ምኽንያት ኣለዎም። ሓደ ብብዝሒ ዘጋጥም  ምኽንያት ውላዶም ኣዝዩ ‘ምዕራባዊት’ ትኸውን ብምህላዋ እዩ፣ ናይ ምዕራባውያን ልምዲታት ክብርታትን ኣዝያ ትላመድ ኣላ ዝብል ስክፍታ ስለዘለዎም እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ወለዲ ዘይተደልየ ባህርያት ክከላኸሉ እውን ይደልዩ፣ ከም በዓል ምስ ዘይግቡእ ኣዕሩኽ ምውዓል፣ ድኹም ውጽኢታት ትምህርቲ፣ ወይ ከም ግብረሰዶማውነት ዝኣመሰለ ዝንቡዕ ዝቑጸር ባህርይ። ኣብ በጽሒታት ሰባት፣ ናይ ሓዳር ጸገማት ወይ ክብሪ ስድራ-ቤት ምሕላው ንሓደ ሰብ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንምሕዳግ ኣብ ዝግበር ውሳኔ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ስድራ-ቤት ወይ ኣብ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ (ብፍላይ መንእሰያት) እየን ዝኾና። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ብስነ-ኣእምሮኣውን ኣካላውን ናይ ጥዕና ጸገማት ይሳቐያ።

### ሕጊ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ እንታይ ይብል?

ቆልዑት ሓለዋ፣ ክንክን፣ ትምህርትን ዝነብሩሉ ውሑስ ቦታን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ስለዚ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ሓደ መልክዕ ግህሰት ቆልዑት ን/ወይ ሸለልትነት እዩ፣ ዋላ ወለዲ ንረብሓ ውላዶም ዝዋሰኡ ዘለዉ ዝመስሎም እውን እንተኾነ።

እዞም ዝስዕቡ ሕግታት ንወለዲ ወይ ንስድራ-ቤት ናብ መቕጻዕቲ ከብጽሑ ይኽእሉ፡

- ከም ወላዲ መጠን ኣብ ልዕሊ ውላድካ “ናይ ወላድነት ስልጣን” ኣለካ። ነዚ ሓላፍነት ስቕ ኢልካ ብቀሊሉ ደው ከተብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ (ዓንቀጽ 279 ናይ ገበናዊ ሕጊ)
- ንጥዕና ሓደ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከተእቱው ኣይፍቀደልካን እዩ
- ንሓደ ሰብ ገለ ነገር ንኽገብር ከተገድዶ ኣይፍቀደልካን እዩ (ዓንቀጽ 284 ናይ ገበናዊ ሕጊ)
- ዓንቀጽ 26 ናይ ሕጊ ግዴታዊ ትምህርቲ፡ ወለዲ ንውላዶም ካብ ግዴታዊ ትምህርቲ ሕድገት ንኽግበረሎም ከይሓተቱ ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተድኣ ሓዲጎሞ/ማ (5-16 ዓመት) ብሕጊ የቕጽዖም እዩ።

[2] ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን - Landelijk Knooppunt Huwelijksdwang en Achterlating (2022))። በዚ ዝሰዕብ ዝርከብ ወረቐት-ጭብጢ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ https://www.huwelijksdwangenachterlating.nl/sites/www.huwelijksdwangenachterlating.nl/files/2023-03/Gedwongen achterlating-februari 2023.pdf



FSAN Federatie Somalische Associaties Nederland

# 6. ም ስ ክብ ሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ

## ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ እንታይ እዩ?

ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ፣ክብሪ ወይ 'ጽቡቕ ስም' ናይ ሓደ ስድራ-ቤት ንምሕላው ወይ ዳግም ንምሕዳስ ዝፍጸም ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ጎነጽ እዩ። ኣዋልድን ኣንስትን ክብሪ ስድራ-ቤት ናይ ምሕላው ሓላፍነት ክህልወን እንከሎ፣ ወለዲ፣ ሰብኡትን ኣወዳትን ድማ ነዚ ክብሪ ናይ ምዕቃብን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ዳግም ንምሕዳሱ ሓላፍነት ከምዘለዎም ኮይኑ ይሕሰብ። መብዛሕትኡ ግዜ ብምሉኦም ስድራ-ቤታት፣ ቤተሰባትን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ማሕበረሰባትን ከይተረፈ ኣብዚ ይሳተፉ። ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ድማ እታ ግዳይ ትቕተል።

## ምስ ክብሪ ናይ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ኣብነታት ኣየናት እዮም?

ገለ ኣብነታት ምስ ክብሪ ናይ ዝተኣሳሰር ጎነጽ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣካላዊ መጥቃዕቲ (ምህራም፣ ብእግሪ ምቕላዕ)
- ኣእምሮኣዊ ግህሰት (ጽኑዕ ቍጽጽር፣ ውርደት፣ ምፍርራሕ)
- ኣይናተይን ብምባል ምንጻግ
- (ግዱድ) ነብሰ-ቅትለት
- ናይ ክብሪ ቅትለት

## ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ማዕረ ክንደይ የጋጥም?

ፖሊስ ኣብ ዓመት ከባቢ 2,500-3,000 ገበናት ከምዝፍጸሙ ይፈልጥ እዩ፣ ኣብዚ ክብሪ ስድራ-ቤት (ብጥርጠራ) ተራ ይጸወት እዩ። ኣብ ኔዘርላንድ ዓመታዊ ካብ 7-17 ሞት ዘጋጥመን ግዳያት ኣለዋ። ፖሊስ፣ ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ናብ ፖሊስ ስለዘይቀርቡ ብዝሒ ፍጻሜታት ካብዚ ዝበዝሕ ምዃኑ ይኣምን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብዛዕባ እዞም ተሃወስቲ ጉዳያት ምዝራብ ካብ ዘሎ ፍርሒ ዝነቅል እዩ።

## ምስ ክብሪ ንዝተኣሳሰር ጎነጽ ዝደፍኡ ድርኺታት እንታይ እዮም?

ብዛዕባ ተራ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ ጾታዊ ርክብን መሰል ምፍራይን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝምልከት ባህላዊ ኣረኣእያታት ኣሎ። ክብሪ ናይ ጓል-ኣንስተይቲ ምስ ጾታዊ ባህሪኣ ዝተኣሳሰር ኮይኑ ይሕሰብ። ጾታዊ ክብሪ ናይ ጓል-ኣንስተይቲ ድማ ምስ ክብሪ ስድራ-ቤት ዝተኣሳሰር ኮይኑ ይሕሰብ።

ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል፡

- ናይ ክብሪ ግርጭታት፣ ከም ውጽኢት ንኣብነት ውርሻታት
- ፍርሰት ድንግልና ናይ ጓል ወይ ሰበይቲ
- ካብ ሓዳር ወጻኢ ዝግበር ርክብ
- ፍትሕ ምድላይ
- ብስንኪ ባህርይ፣ ቅዲ ኣከዳድና ወይ ሞያ ሕማቕ ሽም ምትራፍ
- ንኣባል ስድራ-ቤት ምጽራፍ
- ስድራ ዘዋደዶ መርዓ ዘይምስምማዕ
- ጾታዊ ዝንባለ
- ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ኣብ ዝፍጸም ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ክትሳተፍ ዘይምድላይ።

## ሕጊ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ምስ ክብሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ እንታይ ይብል?

ም ስ ክብ ሪ ዝተኣሳሰር ጎነጽ ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ። እቲ ገበነኛ ዝረኽቦ መ ቕጻዕቲ ድማ ብልክዕ እንታይ ከም ዘጋጠመ ም ርኩሰ ብም ግባር ዝወሃብ እዩ። ንግህሰት ብዝዝም ልከት ገበነኛታት ንሓያሎ ኣዋርሕ ክእሰሩ (ዓንቀጽ 300 ናይ ገበናዊ ሕጊ)፣ ከም ኡ እውን ኣቀዲሙ ዝተወጠ ነ ቅትለት ብዝዝም ልከት ንዕድመ ልክዕ ክእሰሩ ይኽእሉ (ዓንቀጽ 289 ናይ ገበናዊ ሕጊ)።

# 7. ኣቕርቦት ሓገዝ

| ንምንታይ ሓገዝ የድልየካ/ኪ? | ርክብ |
|---|---|
| ኣብ **ቅጽበታዊ ሓደጋ** ዲኺ ዘለኺ ወይ ጎነጽ ኣጋጢሙኪ ድዩ? | ናብ ፖሊስ ደውሊ፡ 112 |
| ቅጽበታዊ ሓደጋ የለን ድዩ፣ ግን ድማ ሓገዝ የድልየኪ ድዩ? ናብ **Veilig Thuis** ደውሊ። እዚ 24/7 ማለት ኣብ ኩሉ መዓልታት ምሉእ ለይቲን መዓልትን ንምግባሩ ዝከኣል እዩ፣ ስም ከይጠቐስካ ክግበር እውን ይከኣል እዩ። | 0800 - 2000<br><br>ካብ ወጻኢ ሃገር፡<br>+31 70 311 90 07<br><br>ብመንገዲ መርበብ-ሓበሬታ www.veiligthuis.nl ቻት ክትገብሪ ማለት ክትዘራረቢ እውን ትኽእሊ ኢኺ። |
| ኣብ ወጻኢ ሃገር ተሓዲግኪ ዲኺ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ግዱድ መርዓ ኣጋጢሙኪ ድዩ? ስለዚ ምስ ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን (LKHA) ርክብ ግበሪ። ምኽሪ ንምርካብ (ሰምኪ ከይጠቐስኪ) ርክብ ክትገብሪ እውን ትኽእሊ ኢኺ። | +31 70 345 43 19<br><br>www.huwelijksdwangenachterlating.nl<br>ወይ<br>LKHA@veiligthuishaaglanden.nl |
| ኣብ ወጻኢ ሃገር ሓገዝ የድልየኪ ድዩ? **ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ** ነቶም ናብ ኔዘርላንድ ክምለሱ ዝደልዩ ግዳያት ግዱድ መርዓን ምሕዳግን ዝኾኑ ኔዘርላንዳውያን ይሕግዞም እዩ። ኣብታ ዘለኺላ ሃገር ምስ ዝርከብ ናይ ኔዘርላንድ ኤምባሲ ርክብ ግበሪ። ወይ ድማ ሓገዝ ንምርካብ ንማእከል ርክብ ጉዳያት ወጻኢ 24/7 ሕተቲ። | ብቑጽሪ ተሌፎን +31 247 247 247 ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ።<br><br>ናብ ቁጽሪ ተሌፎን +31 6 823 877 96 ናይ ዋትሰኣፕ መልእኽቲ ንምስዳድ ይከኣል እዩ። |
| ብዛዕባ ዝተሓብኣ ደቂ-ኣንስትዮን ማእሰርቲ-ሓዳርን ሓገዝ ወይ ሓበሬታ የድልየኪ ድዩ? | **Femmes for Freedom**<br>+31 70 362 65 06<br>info@femmesforfreedom.com<br>www.femmesforfreedom.com |



| ንምንታይ ሓገዝ የድልየካ/ኪ? | ርክብ |
|---|---|
| ተኸንሺብኪ ብሰንኪ ምኺንኪ ሕክምናዊ ን/ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ትደልዪ ዲኺ? ስለዚ ናብ ናይ GGD **ናይ ድሕረ-ክንክን ሰዓታት ምኽሪ** ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ። | www.pharos.nl/infosheets/meisjesbesnijdenis-vgv-spreekuren/ |
| **ፈደረሽን ማሕበራት ሶማላውያን ኔዘርላንድ** (FSAN) ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮን ካልኦት ጎዳእቲ ተግባራትን ብዝምልከት ሓበሬታ፣ ስልጠና/ዓውደ-መጽናዕትታትን ምኽርን ይህብ እዩ። ብዛዕባ ኣብ ዞባኺ ዝርከቡ ቍልፊ-ሰባት [sleutelpersonen] ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ እውን ምሳና ርክብ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ። | +31 20 486 16 28 \| +31 6 288 548 84<br>info@fsan.nl<br>www.fsan.nl |

እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣካል ናይቲ ብሚኒስትሪ ጥዕና፣ ድሕነትን ስፖርትን ዝምወል ‘Verandering door Verbinding met Sleutelpersonen [ለውጢ ብመንገዲ ምስ ቍልፊ-ሰባት ምትእስሳር]’ ፕሮጀክት እዩ።

ኣሕታሚ: ፈደረሽን ማሕበራት ሶማላውያን ኔዘርላንድ (FSAN)
ኣወሃሃዲት: ዛህራ ናሌ [Zahra Naleie]
ጽሑፍ: ኣማኒ ዓብደላ [Amani Abdalla]
ህየሳዊ ኣንባቢት: ዶ/ር ኣነማሪ ሚደልቡርኽ [Dr. Annemarie Middelburg]
ዲዛይን: DG Graphic Design
ሕትመት: De Koning Repro
መሰል ድርሰት: FSAN
Alpen Rondweg 102-R
1186 EA Amstelveen
+31 20 486 16 28 | +31 6 288 548 84
info@fsan.nl

እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ብዛዕባ ጎዳእቲ ተግባራት ዝያዳ ክፈልጡ ንዝደልዩ ሰደተኛታትን ናይ ሰደተኛ ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ሰባትን ዝተዳለወ እዩ።

ኣብዚ ጎዳእቲ ተግባራት እንታይ ምኳኖም፣ ዘጋጥምሉ ምኽንያታት፣ ናይ ኔዘርላንድ ሕጊ እንታይ ከም ዝብልን ንገዛእ-ርእሰኹምን ንኻልኦት ሰባትን ብኸመይ ክትከላኸሉ ከም እትኽእሉን ንምርዳእ ዝሕግዘኩም ጠቓሚ ሓበሬታ ክንህበኩም ንደልይ።

ዕላማና ንቕሓት ንምፍጣር፣ ምይይጥ ንምጅማርን ስጉምቲ ንኽትወስዱ ንምትብባዕን እዩ። ኩላትና ብሓባር ብምኳን ድማ ኣወንታዊ ለውጢ ከምዝመጽእ ብምግባር፣ ጎዳእቲ ተግባራት ሕሉፍ ነገር ዝኾነላ ዓለም ኽትፍጠር ኣበርክቶ ክንገብር ንኽእል ኢና።

FSAN | Federatie Somalische Associaties Nederland

Mede mogelijk gemaakt door het Ministerie van VWS

Alpen Rondweg 102-R
1186 EA Amstelveen

T: +31 20 486 16 28 | M: +31 6 288 548 84
E: info@fsan.nl | www.fsan.nl